ሰላምታ ካብ ስድራቤት DeKalb County School District (DCSD)፡

ኵሉ ሰብ፡ ውሑስን ባህ ዜብልን ቀደማ-ሰንበት ኣሕሊፉ ክኸውን ተስፋ እገብር። ሰሉስ፡ 2 ሕዳር 2021፡ መዓልቲ ምርጫ እዩ። መረጽቲ DeKalb County፡ ንE-SPLOST (ግብሪ መሸጣ ውሽጣዊ ኣማራጺ ፍሉይ ዝዕላማኡ ትምህርቲ) ኣብ ግምት ንኽእትዉ ክሕተቱ እዮም፣ እዚ ድማ ኣብ DeKalb County ንዝዕደግ ኣቑሑን ኣገልግሎታትን ናይ ሓደ ሚእታዊት ግብሪ መሸጣን ግብሪ ተጠቃምነትን ከምዝስላዕ ዚገብር እዩ። DCSD፡ ኣብ ነፍስወከፍ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ከም ኣካል ናይቲ ንዝመጽእ ፕሮጀክትታት ዘድሊ ርእሰ-ማል ኣለልዩ ንኽፈልጥ ዝሕግዞ ብመንግስቲ ስልጣን ዝተዋህበ መስርሕ፡ ንዘድልዮ ነገራት ዳግማይ ይርኢ እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ከምዚ ዝበለ ፕሮጀክትታት ንኽውዕል ትጽቢት ዝግበረሉ ወጻኢታት ዘጠቓልል እዩ። DCSD፡ እዚ ርእሰ-ማል ዝሓትት ፕሮጀክታት ከምጽኦ ዝኽእል ምንጬታት ኣታዊ እንታይ ምዃኑ ድማ ኣለልዩ ክፈልጥ ይግባእ።

መረጽቲ ንE-SPLOST ምስዘጽድቕዎ፡ እቲ ግብሪ መሸጣ፡ ንሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ግብሪ ዝውዕል እዩ። እዚ፡ ኣብ ኣውራጃና ንሻድሻይ ግዜ ከምዝቕጽል ዝተገብረ E-SPLOST ክኸውን እዩ። ምእካብ ማዕከን ገንዘብ E-SPLOST V፡ ካብ ሓምለ 2017 ክሳዕ ሰነ 2022 ዝቕጽል እዩ። ምእካብ ማዕከን ገንዘብ E-SPLOST VI፡ ካብ ሓምለ 2022 ክሳዕ ሰነ 2027 ዝካየድ እዩ። DCSD፡ እቲ ካብ ግብሪ ንኽእከብ ትጽቢት ዝገብረሉ ኣታዊ ካብ $660 ሚልዮን ክሳብ $700 ሚልዮን ኮይኑ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዝካየድ ናይ ምትዕርራይ ፕሮጀክትታትን ናይ ምጥንኻር ትምህርታዊ ፕሮግራማትን ከምዝውዕል ክኸውን እዩ።

መረጽቲ፡ ብዛዕባ E-SPLOSTን እተኣመመ ፕሮጀክትታትን ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንኽረኽቡ፡ ንዘሎና [መርበብ-ሓበሬታ E-SPLOST] ክፈቶም ንኽርእዩ ምትብባዕ ይግበረሎም። DCSD፡ ግሉጽነት ንኽህሉ ዝጽዕር እዩ፣ መረጽቲ ድማ ናብ መምረጺ ቦታታት ቅድሚ ምኻዶም ብዘድልዮም ሓበሬታ ዝተዓጥቁ ንኽኾኑ ንደሊ።

## **ኣተኵሮ ተማሃሮ**

ኣብዚ ሰሙን'ዚ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Redan ንእትምሃር ናይ 12 ክፍሊ ተማሃሪት Paris-Angeliqua Hall ኣተኵሮ እህብ ኣለኹ። እዚኣ መንእሰይ ጓል፡ ውህሉል ነጥቢ (GPA) 4.1 ዘምጽኤት ንፍዕቲ ተማሃሪት እያ! ኣባል ውድብ ናይ መጻኢ መራሕቲ ዋኒናት ኣሜሪካ (Future Business Leaders of America (FBLA)) ኮይና፡ ከም ተሓዝ-ገንዘብ ጨንፈር ኮይና ድማ ተገልግል ኣላ። ኣባል ኮሚሽን መንእሰያት ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Youth Commission) ከምኡውን ፕሮግራም ሰራሕተኛታት ኮማዊ ጥዕና ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ፡ ቤት ትምህርቲ ሕክምና ሞርሃውስ (Morehouse School of Medicine High School Community Health Worker Program) እያ። ኣብ ዘለዋ ናጻ ግዜ፡ ናብ ተቐማጦ መእለዪ ኣባይቲ ደብዳቤታት ምጽሓፍን ንግዳያት ጾታዊ ዓመጽን ዘይሕጋዊ ጾታዊ ንግድን ድማ ሓገዝ ክንክን ምድላውን ባህ ይብላ። እተገርም መንእሰይ ጓል እያ፣ ኣብዛ ብልጽቲ ተማሃሪት ኣተኵሮ ክህብ እንከለኹ ድማ ሓበን ይስምዓኒ።

## **ናይ ሰሉስ ጉጅለ**

ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን #TeamTuesday፡ ንላዕለዋይ ዳይረክተር ህዝባዊ ድሕነት (Executive Director of Public Safety)፡ ሓለቓ Bradley Gober ፍሉይ ክብሪ ሂበ እየ። ሓለቓ Gober፡ ነቲ ንልዕሊ 20 ዓመታት ኣብ DCSD ዘካየዶ ስርሓት ትግባረ ሕጊ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንድሕነት ኣባይተ-ትምህርትና ንምሕላው ልዕሊ'ቲ ዝግባእ ሰሪሑ እዩ። ስለቲ ተወፋይነትካን ንማሕበረ-ኮምና ዝሃብካዮ ኣገልግሎትን ነመስግነካ!

## **መርመራን ክታበታትን ኮቪድ**

DCSD፡ ኣብ ሰራሕተኛታት፡ ተማሃሮን ማሕበረ-ኮምናን ወርሓዊ ንዝግበር መርመራን ክታበታትን ኮቪድ-19 ከአንግድ እዩ። ንኹሉ ዕድመ ዝኸውን ናጻ ክታበትን መርመራን ብናጻ ክውሃብ እዩ። እቲ ቐጺሉ ዝካየድ ስሩዕ መደብ፡ ዓርቢ፡ 19 ሕዳር ካብ ሰዓት 8:30 ቅ.ቐ ክሳዕ 1 ድ.ቐ ኣብ Administrative & Instructional Complex, 1701 Mountain Industrial Blvd, Stone Mountain, GA እዩ። መርመራ ኮቪድ-19፡ ኣብ ማእከል መጓዓዝያ ዶራቪል (Doraville Transportation Center)፡ ናይ DCSD ክፍሊ መጓዓዝያ ከምኡውን ኣብ ማእከል መጓዓዝያ ፓንተርሲቭል (Panthersville Transportation Center) ኽግበር እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ን[www.freecovidtesting.us/dekalb](www.freecovidtesting.us/dekalb) ከፈትኩም ርኣዩ።

## **ገምጋማዊ መሕተት ምርግጋጽ ብቕዓት ኮም**

DCSD፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ መስርሕ ምሕዳስ ምርግጋጽ ብቕዓት የካይድ ኣሎ። ምእካብ ርእይቶታት መሻርኽቲ፡ ክፋል'ዚ መስርሕ'ዚ እዩ። ኣብ ገምጋማዊ መሕተት ስድራቤታትን መሻርኽቲ ኮምን (Family and Community Stakeholder Survey) ንኽትሳተፉ ንዕድመኩም ኣሎና። ውጽኢት'ዚ ገምጋማዊ መሕተት፡ ምስ ካልእ ጥበባዊ ትሕዝቶታት መሻርኽቲ፡ ኣብ መስርሕ ምሕዳስ ምስክርነት-ብቕዓት ኣውራጃ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል እዩ።

እዚ ገምጋማዊ መሕተት ስድራቤታትን መሻርኽቲ ኮምን፡ በዚ ዝስዕብ ቛንቋታት ተዳልዩ ይርከብ፥ ኣምሓርኛ፡ ዓረብኛ፡ ቤንጋሊ፡ በርማንኛ፡ ቻይንኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛ፡ ሂንዲ፡ ኔፓልኛ፡ ሶማልኛ፡ ስጳንኛ፡ ስዋሂሊ፡ ተሉጉ፡ ትግርኛን ቬትናምንኛ። እዚ ገምጋማዊ መሕተት'ዚ፡ ብምስጢር ዝተሓዝ ኮይኑ፡ ንኽምላእ ድማ ብገምጋም 10 ደቓይቕ ይወስድ። ነዚ ገምጋማዊ መሕተት'ዚ፡ ኣብዚ ሊንክ'ዚ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፥
[https://survey.sogosurvey.com/r/eY7O00](https://survey.sogosurvey.com/r/eY7O00)

## **ኣጠቓላሊ ርእሰ-ውጥን**

ነቶም ኣብ ሓፈሻዊ ዘባዊ ኣኼባ ኣጠቓላሊ ርእሰ-ውጥን (Comprehensive Master Plan (CMP)) ብማንዛ ንዝተሳተፉ ኩሎም ከመስግኖም እደሊ። እዚ መስርሕ CMP፡ ኣብቲ ዘሎና ዝዓበየ ጉጅለ መሻርኽቲ ምትእምማንን ግሉጽነትን ብቐጻሊ ኣብ ምህናጽ ንኽሕግዘና ትጽቢት እገብር። ንዝተቐርጸ ዝሓለፈ ኣኼባታት ንምዕዛብ፡ ብኽብረትኩም [ኣብዚ]() ጠውቑ። ንትንተናዊ መሕተት ርእይቶ መሻርኽቲ CMP ንኽትመልኡ፡ ብኽብረትኩም [ኣብዚ]() ጠውቑ። ከም ኣውራጃ መጠን፡ ንቕድሚትን ናብ ዝበረኸ ደረጃን ብቐጻሊ ኽንጉዓዝ ኢና።

ብዛዕባ ዜናታት ኣውራጃ ዚምልከት እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ን[መርበብ-ሓበሬታና]() ከምኡውን ናይ ቤት ትምህርቲ መርበብ-ሓበሬታ ከፊትኩም ብቐጻሊ ርኣዩ። ብሉጽ ሰሙን ይግበረልኩም!

ምስ ሰላምታ፣

Mrs. Cheryl Watson-Harris